# በሺር ይስሓቅ
# ሕጅስ ዓገብ ክብለካ!!

ብ

ስልጣን ሓጎስ

ብረቡዕ ዕለት 28/03/2007 ኣብ ካርቱም። ጠቕላል ነጻ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን ናይ ዝተመስረተሉ መበል 16 ዓመት ኣብዒሉ፤ 'ስሩዕ ዓመታዊ ሚዛን ጠቕላላ ማሕበር ኤርትራ ኣብ ሱዳን' ብዝብል ኣርእስቲ ከኣ መደረ ተኻይዱ። ኣብዚ መደረ'ዚ ኣመሰራርታ ናይቲ ማሕበርን ኣበርክቶኡን ጽልዋኡ ኣብ ተመሃሮን ብሰፊሕ ተገሊጹ። ዕላምኡ ድማ ካብ ውድባዊ ጸጊዕነት ሻራ ኰንካ ንሽግራት ተመሃሮ ምፍታሕ ኢዩ።

እቲ ኣኼባ ምሸት ካብ ሰዓት 7፡30 ክሳዕ ሰዓት 10፡30 ኣቢሉ ቀጺሉ። ኣብቲ ዳሕረዋይ ሰዓታት ከኣ ነቶም ርእይቶታቶምን ትዕዝብትታቶምን ክህቡ ዝደልዩ ሰባት ኣፍደገ ክፉት ነይሩ።

ካብዚ ብምብጋስ ገዲም ተጋዳላይ  መሓመድ ኑር ኣሕመድ በቶም ወከልቲ ተመሃሮ ንዝቐረበ መደረ፥ ንታሪኽ ግደ ተመሃሮ ኣልዒሉ ሰፍሕ ዝበለ መግለጺ ሂቡ። ተጋዳላይ መሓመድ ኑር  ኣሕመድ ንታሪኽ ተመሃሮ ካብ ሓምሳታት ኣትሒዙ ኣንጻር መግዛእቲ ዝተጻወቶ ግደ ዘርዚሩ ገሊጹ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ ቃልሲ ተመሃሮ ልሉይ ምንባሩ ብምግላጽ ኣብ ሓምሳታት ኣብ ኣስመራ ክሳብ ኻል ሙፍቲ ዝተሳተፈትሉ ኣድማታት ተመሃሮ ምንባሩ ሓቢሩ። ብወጻኢ እውን እንተኾነ በቲ ኣብ ግብጺ ዝጀመረ ማሕበር ተመሃሮ። ብምቕጻል ጠቕላል ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራ ወይ GUES (General Union of Eritrean Students) ኣብ ትሕቲ ዝብል ስም ክሳብ ኣብ ማሕበር ተመሃሮ ዓለም ተፈላጥነት ረኺቡ ዓበይቲ ቅያታት እውን ሰሪሑ ኢሉ። ናይ ጠቕላላ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራ ጨናፍር ኣብ ግብጺን ካልኦት ሃገራት ኣዕራብን ኣውሮጳን ኣሜሪካን ተዘርጊሑ ከምዝነበረን ምስ ሰውርኡ ጥብቕ ዝበለ ምትእስሳር ዝነበሮ ማሕበራት ከምዝነበረ ገሊጹ። ኣረ ንሰውራ ኤርትራ ኣብ ዕብየት ንምብጻሕ ካብ ዝገበሩ ቀንዲ ኣባላት ናይ ተመሃሮ ማሕበራት ነይሮም ኢሉ!!

ተጋዳላይ መሓመድ ኑር ነቲ ቅድሚ 16 ዓመት ኣብ ሱዳን እተመስረተ 'ጠቕላላ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራ ኣብ ሱዳን' ጠቒሱ ክዛረብ እንከሎ እዚ ማሕበርዚ ካብ ዝጀመር ኣትሒዙ ምስ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ፖለቲካዊ ግደ ዘይተጻወተ ምኽኑ ከም ሕጽረት ብምጥቃስ ካብ ሕጂ ግን ነዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንምውዳቕ ክቃለስ ከምዘለዎ ጻውዒቱ ኣቕሪቡ።

ሓደ ኣዝዩ ደንጉዩ ዝመጸ እሞ ዳርጋ ናይ መወዳእታ ዕድል እተዋህቦ በሺር ይስሓቕ ነበረ። ትፈልጥዎ ዲኹም? ከላልየኩም ። ተሓኤ ብ1977 ብስሙር ማሕበር ተማሃሮ ዝፍለጥ ዝነበረ እሞ ኩሉ ዕማማቱ ኣንጻር ዲሞክራሲያዊ መስመር ናይ ተሓኤ ስለዝነበረ  ብምክትል ኣቦ ወንበራ ኢብራሂም ቶቲል ዝወጸ ኣዋጅ እምነታ ምስ ሰሓበት ኣብ ራብዓይ ጉባኤ ናይቲ ማሕበር በሺር ይስሓቕ ኣቦ ወንበር ኮይኑ ተመርጸ፣ኣብቲ ግዜ'ቲ ነቲ ማሕበር ንምጥርናፍን ነቲ ንዲሞክራሲያዊ መስመር ናይ ተሓኤ ዝጻረር ዝነበረ ሽነኽ ኣብ ምምካት ዓቢ ግደ

ተጻዊቱ ከብቅዕ ተሓኤ ሜዳ ኤርትራ ለቒቓ ሱዳን ኣብ ዝኣተወትሉ ግን በታኒ ርእይቶ ሒዙ ተንቀሳቐሰ፣

ከነንብቦን ክንዕዘቦን ክንሰምዖን ከም ዝቐነና ኽኣ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኪዳንን ቅድሚኡን ጠገለ ብዘይብሉ ህርፋን ስልጣን ላዕልን ታሕትን እናበለ ኣብ መንጎ ኤርትራዊ እስላማዊ ሰልፍታትን ሃገራዊ ሓይልታትን ሓዊ ዘሳወረን ዝኣጎደን ንሱ ምንባሩ ተለልዩ ኣሎ። ደርፉ ጽልእን ምፍልላይን ህዝብና ዝኾነ ሰብ ም'ኺኑ'ኳ እቲ ፓለቲካዊ ምንቅስቓሱ ባዕሉ ይምስክረሉ። ብፍላይ ኣብ ትግርኛ ዝዛረብ ህዝብና ዘለዎ ጽልኢ ዘመስክር ጉድ ንክትብሉ እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝበሎን ዝጸሓፎን ከይኣኽሎ ኣብዚ እተጠቕሰ ኣኼባ ተመሃሮ ካርቱም በሺር ይስሓቕ ከምዚ በለ።-

“ታሪኽ ናይ ሓበሻ እንተርኢና 'ንጉስና ምባል'፣ 'ብንጉስ ተኣዚዝካ ም'ኻድን ምንብርካ'ኽን ዝጸንሐ ባህሎምን ናይ ቀደም ታሪኾምን ኢዩ። ኩሎም ኣሕባሽ ንንጉሶም ምእዙዛት ኢዮም' [ንስልጣን ምእዙዛት ኢዮም]" ብምባል ኣብ ልዕልቲ ቀደም ዘመዝገቦ ዘለፉታት ዘየድሊ ሓዲሽ ዘለፉ ወሲኹሉ። ጠፊኣቶ እምበር፡ ትግርኛ ዝዛረብ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ “ዝበረቀት ጸሓይና ዝነገሰ ንጉስና” በሃላይ ኢዩ ክብል ዝደለየ ይመስል ብ'ኻልእ ኣዘራርባ ትግርኛ ዝዛረብ ህዝቢ ለውጢ ከምጽእ ኣይክእልን ለውጢ ክመጽእ'ውን ኣይደልን'ዩ ማለቱ ኢዩ። ኢሉዋውን እኮ። ቀጺሉ በሺር ሆየ ነቲ ኣባሃህልኡ ሓቅነት ከልብሰ ብምባል ከምዚ ኢሉ “እቲ ኣብ ጐዳጉዲ [ህግደፍ] ተዳጕኑ ዘሎ እሱር፣ ካብታ ደቒስዋ ዘሎ ቦታ ክንቀሳቐስ ኣብ ዝደልየሉ እዋን ንዋርድያ ክግልበጥ ደልዩ ኣሎኹ ኢሉ ሓቲቱ እቲ ዋርድያ እንተፍቂዱሉ ኢዩ ዝግልበጥ” ብምባል ነቲ ናይ ስልጣን ምምእዛዝ “ኣሕባሽ” ጽቡቕ ገለጻ ዝሃበ መሲሉዎ ጣቕዒት ኣብ ምጽባይ ኣትዩ። ወይ ጉድካ ትውጻእ በሺር ይስሓቕ!!

በሺር ደንቆሩ ኢዩ ከይንብሎ ሓያለይ ቤት ትምህርትታት ዝረገጸ ኢዩ። ምሁርን ፈላጥን ለባምን ኢዩ ከይንብሎ ድማ ዘረብኡን ስርሑን ስራሕ ዘይምሁራት ኰይኑ። ከምቲ ድልየቱ ንኤርትራ ኣብ ክልተ ሰለስተ ክመቓቕል ዘጠዓዕም ይመስል ኣሎ። ቃልሲ ኪዳን ’ኣብ ከበሳን መታሕትን ተመቒሉ’ እናበለ ዘይኰነን ዘይጥዑምን ቋንቋ ክዛረብ ከም ዝቐነየ ንሰምዕ ኣሎና። ግደፍ እባ በሺር!

ቅድሚ ትማሊ ምሸት በሺር ’ኣሕባሽ' ክብል ከሎ እንታይ ማለቱ ም'ኻኑ ብርግጽ ብዛዕባ ኢትዮጵያውያን ኣይኮነን ዝዛረብ ዝነበረ። ዋላ ነቶም ኤርትራውያን እስላም እውን ኣይኮነን ’ኣሕባሽ’ ዝበለ። ንመን ም'ኻኑ ቅድሚ ሕጂ ብዝብሎ ንፈልጦ ኢና። እዚ ጽያፍ ዝኾነ ቃላትን ኣረኣእያን ብርግጽ ድሑርን ሕሱርን ዘምባዕን ኢዩ። ካብ መራሕቲ ክኾኑ ሃንቀውታ ዘሎዎም ክወጽእ እንከሎ ከኣ ንህዝብና ተስፋ የቘርጽ።

እዚ ናይ ሕጂ ቋንቋ በሺር ብሓቒ ብዙሕ ኢዩ ኣዘ'ኻ'ኺሩኒ። ቅድም ንኣለም ጐይትኦም ክጸርፍ ክብል ብተግባራት ኮማንዶስን ማሕበር ኣንድነትን ኣቢሉ ጥሉልን ንቑጽን ኣንዲዱ ኢዩ። ኣብቲ ቅድሚ ገለ 9 ኣዋርሕ እተገብረ ጉባኤ እስላማዊ ምንቅንቓስ/ኢስላሕ እተዛረቦ እውን ብቐሊሉ ዝምዘን ኣይኮነን።

ባዕል'ኹም ክትፈርዱ እስኪ ካብቲ በሺር ይስሓቕ ኣብ ጉባኤ ኢስላሕ ዝሃቦ መደረ ገለ ቀዲሐ ከ'ቕርበልኩም (ካብ መጽሔት ኢስላሕ - ኣራውያ- ናይ መስከረም 2006 እተወስደ)፣

(مختطفات من كلمت بشير إسحاق الذي القاها في مؤتمر حركة الإصلاح الإسلامي)

”حينما دخلت المعسكرامتلأت عيناي دموعا لماذا
مرت أمامي صورة وتصورات تحمل منظومة قيم إجتماعية  أحسب أنني والله قد
إستعدت هويتي لأن الهوية ماهية إلا تصورات تحمل منظومة قيم وسلوك يترجم
هذه القيم ليجسد الهوية...
إرتريا هي مشروع إسلامي وأنتم حماته....
نحن معكم---جبهة التحرير، الحزب الإسلامي والحركة الفيدرالية ــنعم كلنا جميعا
لبناء تنظيم رائد،......لأن العمل جاري بكل دقة للإحتواء الثقافي وصهر كل
الشعب في بوتقة ثقافية محورها التجرنيةو(التحبيش).“

ትርጉሙ ከኣ።-

“ኣብዚ መደበር (ቦታ ጉባኤ ኢስላሕ) እትው ምስ በልኩ፡ ኣዒንተይ ንብዓት ቆጺረን። ስለምንታይ? ኣብ ቅድመይ ጦብላሕ ዝበለ ስእልን ተዘክሮታትን  ዳግመ-ልደት ኰይኑኒ። እንታይነተይ ዘርእን ዘሓድስን ስለዝኾነ። መንነት ከኣ እኩብ ድምር ጠባያትን  ናይ ሕብረተሰብ ጸጋታትን ኢዩ።....ኤርትራ ናይ እስላም መደብ (መሸሩዕ) ኢያ። ተኸላኸልታ ከኣ ንስኹም ኢኹም። ንሕና ምሳኹም ኢና - ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን፡ እስላማዊ ሰልፍን ፌደራላዊ ምንቅስቓስን። እወ፡ ኩልና ብሓንሳእ ኰንና መሪሕ ውድብ ክንምስርት ኢና። ምኽንያቱ ከኣ እቲ ብጻዕቂ ዝካየድ ዘሎ ስራሕ ንባህላዊ ዕብለላን፡ ንመላእ ህዝቢ ኣብ ክሊ ባህሊ ትግርኛ (ወይ ከኣ ሓበሻ) ንምጥቕላሉ ተባሂሉ ዝካየድ ዘሎ ስለ ዝኾነ።”

ወይ ጉዳም ዝኾንካ በሺር ንሕና "ፌደራሊዝም" ክትብል ከሎኻ ከም ሓደ ፍታሕ ንሽግር ህጽቢ ኤርትራ ክኸውን ይኽእል ደኾን ኢልና እናሓሰብና እንከሎና ዕላማ ውደባኻ ግን ካብ'ቲ ብመልሓስካ ዝበልካዮ ንኤርትራ ኣብ "ኣስላምን" "ኣሕባሽን" ክትፈላሊ ምድላይካ'ዩ ዝሕብር፣ ናይ'ቲ "ኣሕባሽ" እናበልካ ምቁንጻብካ ግን እቲ ንስኻ ኣቦ ወንበር ጠቕላላ ማሕበር ተማሃሮ ኣብ ዝነበርካሉ እዋን ከም ድሌትካ ኣብ ድሕረ ግንባር ክትንቀሳቐስ ከሎኻ ኣብ'ቲ ቅድመ-ግንባር ኣብ ድፋዓት እቶም ሕጂ እተቋናጽቦም ዘለኻ "ኣሕባሽ" ምስ ኣሕዋቶም ከይተፋላለዩ ዝተረባረቡን ሕጂውን እንተኾነ ንናይ ህግዲፍ ስርዓት ከይተንበርከኹን ከይተማእዘዙን ዝረባረቡ ዘለዉን ኢዮም፣ ንዓ'ኻ ድኣ ከይሃስየካ እምበር ንዝካየድ ዘሎ ዲሞክራሲያዊ ቃልሲ ዝዓግቶ ኣይኮነን ። ህዝብና ከኣ ነዚ ፈላላይ መደባትካ ድሮ ስለ ዝሰገሮ ስኽፍ ኣይብሎን'ዩ

ህዝቢ ኤርትራ ሃይማኖትን ብሄርን ብዘይፈሊ መደብ ዕዮን ውደባን ኣቢሉ ነቲ ዝጭቁኖን ዘብርሶን ዘሎ ስርዓት እኩብ ጉጅለ ህግደፍ በንቑሱ ፍትሓዊትን ዲሞክራሲያዊትን ኤርትራ ክምስርት ኢዩ። በሺርን መሰልቱን ግን መደቦም/መሸሩዕ ናቶም ካልእ ኢዩ።  ናይ ህዝቢ ኤርትራ መሸሩዕ ኣይኮነን ኣይዕወትንዩ ከኣ!!